## |ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ንጽረግ፡፡

ታሪኽ ከምዝሕብሮ ህዝቢ ኤርትራ ኣሳንዩን ተኸባቢሩን፤ ባዕሉ ንባዕሉ ነብሱ እናመሓደረ ንዘመናት ዝተጓዕዘ እዩ። በብባይቶኡ ዘጽደቖ ሕግታት እናተመርሐ፤ መራሕቲ ካብ ላባማትን ዓበይቲ ዓድን እናመረጸ፤ ብዘቖሞም ደያኑን ፈራዶን ንዝፍጠር ግርጭታት እናኣለየ ሕድሕድ ተጸዋዊሩ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝመጸ እዩ። ገለ ካብቲ ብሕጊ እንዳባ ዝፍለጥ መትከላቱ፤ ደብተር ዓዲ ቀ`ንጺ፥ ሕጊ ኣድግና ተገለባ፥ ሕጊ ኣድከመ ምልጋእ፥ ሕጊ ሎጎ ጭዋ...ወዘተረፈ ክንጠቅስ ንኽእል።

መነባብሮ ህዝብና ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝምርኮስ ስለዝኾነ፥ እቲ ኣብ መንጎ ዓ ድታት ወይ ወረዳታት ብምኽንያት ዒላ፥ ሕዛእቲ ወይ ደረት ዝለዓል ግርጭታት፤ ብዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን እናተፈትሐ እዩ ዝውገን ነይሩ። እቲ ኣብ መንጎ ቀባይል ከምኡውን ሃይማኖታዊ መልክዕ ሒዙ ዝተፈጥረ ምትፍናን፥ ገዛእቲ ሓይልታት መግዛእቲ ንክሰልጦም ኢሎም ዝጻሕተርዎ ስለዝነበረ፥ ሱር ከይሰደደ ቅሂሙ ተሪፉ እዩ።

ሕዝቢ ኤርትራ ብእናተተኻኽኡ ዝመጹ ገዛእቲ ሓይልታት፤ ቱርኪ፥ ጥልያን፡ እንግሊዝ፥ ስርዓት ሃይለስላሴን ደርግን ዘውረድዎ ጭቆና ብርሰትን ውርደትን መሪር መግዛእታዊ ተሞክሮ ኣሕሊፉ እዩ። ንኹሎም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝተቓለሶም እኳ ይኹንእምበር፤ ብ1961 ዓ.ም. ብውዱብ ደረጃ ሃገራዊ ናጽነቱ ንክጭብጥ ብረታዊ ተጋድሎ ኣበጊሱ፡፡ ሕዝቢ ኤርትራ እንተቀዲሙ እንተድሒሩ ዘይተሳተፈን መስዋእቲ ዘይከፈለን የለን። ብምሉኡ ባህጊን ሃንቀውታን ንናጻን ልኡላዊትን ኤርትራ ጋህዲ ንኽገብር ተቓሊሱ፡ ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ሃገራዊ ናጽነቱ ጨቢጡ።

ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ይኹን ህዝቢ ዓለም፥ ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ብልጽግናን ዘመናዊ መነባብሮን፥ ዘማልኣሉ ስርዓት ክህልዎ ከምዝደሊ ብድምጹ ኣብ ጉባኤታት ውድባትን ህዝባዊ ማሕበራትን መደብ ዕዮ ሓንጺጹ ብግብሪ ከምዝተዋስአ ኣብ ተመክሮ ብረታዊ ቃልስና ዝተመስከረ ሓቂ እዩ። ንኣብነት ንምጥቃስ፤ ብ1971 ከምኡውን 1975 ኣብ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተቓንዐ ጉባአታት፥ ዝሰፈረ መደብ ዕዮ መሰረት፤ ምምሕዳራት ዓ ድታትን ወረዳታትን ብምርጫ ተሰሪዑ፤ ምስ ውድብ ብምውህሃድ፥ ፖሊትካውን ምጣኔ ሃብታውን ሕብረተሰብኣውን ጸጥታውን ፍትሓውን ትካላት ብምህናጽ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ዘማዕደወ ንጥፈታት ኣሰላሲሉ። ኣብቲ መደብ ስሩዕን ምጥፋእ መሃይምነትን ዝተዘርግሐ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መደበራት ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ቨትሪናሪን፡ ህዝብና ሃገራውን ደርባውን ረብሓታቱ ንምርግጋጽ፤ በብደርቡን ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታቱን ብምስራዕ ዝተኸናወነ ንጥፈታት ማሕበራት ሓረስቶት፥ ደቀንስትዮ፥ ሰራሕተንያታት፥ መንእሰያት..ወዘተረፈ ብግብሪ ተሳቲፉ ኣብ ምምዕባል እንከሎ፥ ውዲታዊ ወራር ሻዕብያን ወያኔን ምስዓንቀፎ፥ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ኢሳያስውን መሊሱ ኣበርዓኖ።

እዚ ክሳብ መፋርቕ 1981 ዝተኻየደ መስርሕ ምዕብልና፥ ኣብ መንጎ ህዝብን ተጋደልትን ስጡም ዕግበትን ምትሕብባርን፥ ኮታ ተ.ሓ.ኤን ህዝብን ከም ማይን

ጸባን ተወሃሂዱ፥ ኣብ ሃገርና ተስፋን ምዕብልናን መስረቱ፥ለውጥታት ኣመዝጊቡ ከምዝነበረ በቶም ዝተዋስኡ ህዝብን ተጋደልትን ዝዝከርን ዝምዘንን እዩ። ብስርዓ ታት መግዛእቲ ዝተገፍዐ ህዝቢ ኤርትራ፥ ነቲ ብተ.ሓ.ኤ. ዝወሃቦ ዝነበረ ፍትሕን ትምህርትን፡ ኣገልግሎታት ጥዕና ናይ ሰብን ጥሪትን ንመጀመርያ ብሰውርኡ ምርካቡ፥ ምስጋናኡን ዕግበቱን ደጋጊሙ ገሊጹ እዩ፡ ንተ.ሓ.ኤ. ከምመንግስቱ ንተጋደልቲ ድማ ከምደቁ ብምጽዋዕ ሓበኡ ክገልጽን ትሕዝትኡ ክልግስን ግቡኡ ብምብርካት ተሳትፎኡ ዘረጋገጸ ምንባሩ ናይቲ መድረኽቲ ተጋደልትን ህዝብን ህያው ምስክር ኢና።

እዚ ከም ኣብነት ኣብ ተመኩሮ ቃልስና ዝተረጋገጸ ንምዝካርን፤ ነቲ ብሕጂ ክንሃንጾ እንደሊ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት፥ ጥጡሕን ፍቱንን ባይታ ከምዘሎ ንምሕባር ድኣምበር፤ ናብቲ ናይ ሰብዓታት ንመለስ ማለት ኣይኮነን። መልክዕ ኣቀላልሳና ምስ መድረኽ ክመዓራረ ከምዘለዎ ክዝንጋዕ የብሉን። ዓ ለምናውን እንተኾነ፥ ድሕሪ ምውዳእ ዝሑል ኲናት ብሓድሽ ስርርዕ እያ ትኸይድ ዘላ።

## ህልዊ ኲነታትና፡

ብረታዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ ብሓደ መከረም 1961 ብሓደ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ተበጊሱ፡ ኣብ 1970 ካልኣይ ውድብ ህዝባዊ ሓይልታት ኤርትራ (ህ.ሓ.ኤ.) ተፈጢሩ። ህዝብን ሰራዊትን ነዚ ክልተ ውድባት ከስምር ላዕልን ታሕትን እናበለ ከሎ፤ ብ1976 ኣብ መንጎ ህ.ሓ.ኤ. ምፍንጫል ይርከብ'ሞ፡ ብዑስማን ሳልሕ ሰበ ዝምራሕ ህ.ሓ.ሓ.ኤን፡ ብኢሳያስ ዝምራሕ (ሮሞዳን መሓመድኑር ዝኣቦመንበሩ) ህ.ግ.ሓ.ኤን ኮይኖም ክልተ ውድባት ይፍጠሩ። ኣብ 1979 ናይ በዓስ ፍልስፍና ዝኸተል ብጉጅለ ዓጀብ ዝፍለጥ ካብ ሳበ ይፍንጨል። 1981 ተ.ሓ.ኤ. ብልፍንታዊ መጥቃዕቲ ህ.ግ.ን ወያኔን ተደፊኣ ንሱዳን ምስኣተወት፥ ኣብ 1982 ናብ ሰለስተ ትፍንጨል። ኣብ መወዳእታ ሰማንያትት ድማ ናይ እስላማዊ ጅሃድ ምንቅስቓሳት፡ ድሒሩ'ውን ብሄራዊ ምንቅስቓሳት ተጋህዱ'ሞ፡ ፖሊቲካ ኤርትራ ውድባት ዝራብሓሉ ዓውዲ ኮነ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኲነታት ኩሉቲ ብቐዳምነት ሃገራዊ ረብሓታት ዘገድሶ ሓይሊ ናይ ምፍንጫል መስርሕ ከሰቕዮን ፍታሓት ክናዲን ባህርያዊ እዩ። ስለዚ ድማ ብ1999 እተን ንስርዓት ዲክታቶርያ ንምልጋስ ብቻርተር ዝተሰማምዓ ዓሰርተ ውድባትን ሓደ ውልቀሰብን ኣብ ትሕቲ ምሕዝነት ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ (ም.ሃ.ሓ.ኤ.) ተጠርኒፈን ክሳብ ጥሪ 2005 ተጓዕዛ። ይኹን'ምበር ብዘጋጠመን ሕምስምስ እቲ ምሕዝነት ፈረሰ። ኣብዚ መድርኽ'ዚ ድማ ብዓሰርተ ሽዱሽተ ውድባት ዝቐመ፥ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ኤ.ድ.ኪ) ንምሕዝነት ተኪኡ ይጉዓዝ ኣሎ። ኪዳን ካብ ኣክላት ህግደፍ ተቓዊመን ዝቖማ ሰልፍን ምስቅስቓሳትን ስለዘጠቓልል፥ ከም ኣዎንታዊ ምዕብልና ዝተወስደ እዩ። ኪዳን ኣብ ቻርተሩ ዘይተጠርነፋ ጉጅለታት ምንቅስቓሳትን ከምዘለዋ ብምእማን፥ ካብኣን ዝጥለብ ቅጥዕታት ኣማሊኤን ክስተፉ ከምዝኽእላ ክፉት ምዃኑ ኣብ መደብ ዕዮኡ ኣስፊሩዎ ኣሎ። እዚ እዩ ምበኣር እቲ ወድዓ ዊ ታሪኽን ኣተሃላልዋን (objective reality) ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡፡

ካብ 16 ንላዕሊ ዝቝጽረን ፖልቲካዊ ሓይልታት፤ ዝተፈላለየ መደብ ዕ ዮታትን ኣረኣእያን ዝሓዛ እየን። እዚ ፍልልያትዚ ኣብ እዋኑ ቅኑዕ

ፍታሕ ስለዘይተገብረሉ፤ እናተጋፍሐ ምምጽኡ ንሓድነት ህዝብን ሃገርን ናብ ሓደጋ ዘሳጥሕ ኰይኑ ከምዘሎ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብዚ ቅዋም ሃገርን ብሕጊ ዝተመርጸ መንግስትን ዘይብሉ ኣመሓዳድራ፥ ዝረብሕ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ዲክታቶር ኢሳያስን ውሑዳት መጋበርያኡን እዩም። ንሳቶምውን እንተኾነ ንሓጺር እዋን ድኣምበር፥ ንምሽቱስ ንዓታቶምዩ ዝገድድ እቲ ዕዳ።

ህዝቢ ኤርትራ ብብዙሕነት ናይ ብሄራት፥ ሃይማኖታት፥ ባህልታትን ቋንቋታትን ዝቖመ ስለዝኾነ፤ ብዙሕነት ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ከንጸባርቕ ግድን እዩ። እዚ ኣቓቕማዚ ኣባና ጥራይ ዘይኮነ፥ ኣብ ብዙሓት ሃገራትውን ብተመሳሳሊ ወይ ዝያዳ ብዙሕነት ሓቕፈን ዝንዓዛ ኣለዋ። እተን ብብዝሐ ሰልፋዊ ደሞክራሲ (Multy Party Democracy) ኣቕመን ንህዝበን ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣሳቲፈን፥ ቅዋም ኣጽዲቐን፥ ባይቶን መሪሕነትን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጸን ዝመሓደራ፥ ብሰላምን ስኒትን ብልጽግናን ክምዕብላ ንርኢ። ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ከም ኤርትራ ድማ፥ መደበር ጭቈናን ውግእን ድኽነትን ኰይነን ኣብ መንገዲ ጥፍኣት ይርከባ። ዲክታተር ኢሳያስ ነዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ስርዓት ብዙሕነት እንተተቐቢሉ፥ ናይ ገባርን ሓዳግን ስልጣን ስለዘይረክብ ወይውን ስልጣኑ ተሓዲጉ ተሓታቲ ስለዝኸውን፥ ክመርጾ ከምዘይክእል እነሆ ብተግባራቱ ንግንዘቦ።

ስርዓት ኢሳያስ ክዕረሞ ሃገር ክዐሪ ዝነበረና ትጽቢት ካብ ዝበንን ነዊሕ ጊዜ ሓሊፉ እዩ። ከምቲ መሰልቲ "ጽሉል ይሕሸምበር ኣይጥዕንዩ" ዝበልዎ፣ እንተዝሕሾውን ኣይምኸፍኣን፤ እቲ ሓቂ ግን ስርዓት ኢሳያስ እናበኣሶ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ታሪኽ ከምዘረጋግጾ፥ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተዓርዩ ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዝተቐየረ የለን ጥራይ ዘይኮነ፤ መወዳእትኡ ብናይ ሓፋሽ ተቓውሞን መጥቃዕትን ብኽፉእ ተበታቲኑ እዩ ዝጠፍእ። ስለዚ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ፤ ነዚ ስርዓት እዚ ኣልጊስካ፥ ሱር ነቀል ለውጢ ምምዝጋብ ምዃኑ ብኣግኡ ክንዓግበሉን ንምርግጋጹ ክንቃለስን ጥራይ እዩ እቲ ሓደን ቅኑዕን ምርጫ። ውሕጅ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ ከምዝብሃል፤ ስርዓት ኢሳያስ ዝወድቀሉ ሰዓት ይቐርብ ኣሎ፣ ድሕሪኡ ብኸመይ ንቕጽል ክንዳሎ ሕጂ ስልዝኾነ እዋኑ፤ ኤርትራውያን ክንለዓልን ብዓንተብኡ ሃገርናን ህዝብናን ክነድሕንን ንሕተት ኣለና።

**ለውጢ ንምምጻእ በየናይ ኣገባብ ንቃለስ፣**

"ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክጸውር ኣይክእልንዩ" ዝብል ናይ ሰብዓ ታት መርገጽ፤ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ተሳዒሩ፣ መብዝሕትኣን ውድባትን ሰልፍታትን ብስርዓት ብዝሐ ሰልፋዊ ደሞክራሲ ዝቐውም መንግስቲ ከምዝድግፉ ኣብ መደብ ዕዮኣን ኣስፊረንኦ ኣለዋ። ኣብ 1999 ዝተመስረተ ምሕዝነት ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ (ምሕዝነት) ኣብ ቻርተሩ ብዝሐ ሰልፋዊ ደሞክራሲ ከምዝኽተል ኣስፊሩዎ ነይሩ። ንምሕዝነት ተኪኡ ዝመጸ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፤ ኣብ ናይ 2005 ዓ.ም. ቻርተሩ ደጊሙ ኣስፊሩዎ ይርከብ። በዚ መሰረትዚ ኪዳን ብወከልቲ 16 ውድባትን ሰልፍታትን ምስቅስቓሳትን ዝቐመ ባይቶ፤ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣቦ መንበርን

ሰክረታርያን መሪጹ ተበጊሱ፤ ድሕሪ 6 ወርሒውን ካልኣይ ባይቶኡ ኣካይዱ እነሆ ይጕዓዝ።

ኪዳን ንብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ማለት ንዝተፈላለያ ብሄራት፥ ቋንቋታት፥ ሃይማኖታትን ባህልታትን ዘንጸባረቐ ውክልና፤ ከምኡውን ንዝተፈላለየ ፖሊቲካዊ ድሕረ ባይታ ዘለወን፤ ማለት ካብ ውድባት ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ን ዝሓቘፈ ብምዃኑ፥ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ መልክዕን ትሕዝቶን ኣለዎ። እዚ ሕብረ-ፖሊቲካዊ ብዙሕነት ዘለዎ ምትእኽኻብ፤ ኣብ ሓደ ጠርናፊ ሃገራዊ ክሊ (ጽላል) ተማእኪሉ፤ ብናይ እንካን ሃባን ክትዕን ምይይጥን፤ ብምክብባርን ምጽውዋርን፤ ሓድነት ሃገርን ህዝብን ዝሰረቱ ቻርተር ሓንጺጹ ምውጽኡ፤ ንዕኡ ዘሳርሕ ቅርጻን መርሕነትን ብደሞክራሲ መሪጹ ምብጋሱ ኣገዳሲ ኣወንታዊ ምዕራፍ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ንብዝሐ ሰልፋዊ ደሞክራሲ ድማ ባይታ ኣንጺፉ ኣሎ።

ኪዳን ምስቆመ ካብ ኣባላቱን ደገፍቱን ናእዳን ተቐባልነትን ዘሰነዮ ገለጻታትን ምትብባዕን ረኺቡ እዩ። ብከባቢ መንግስታትውን ተተባቢዑ። ብኣንጻሩውን ነቶም ዘቐሙዎ ውድባትን ተዋሳእቲ መራሕቱን ብምጽላም፥ ክቃወሙዎን ክሹንንዎን ዝተጓየዩ ውልቀሰባትን ጕጅለታትን ተራእዮም። በቲ ኮነ በቲ፥ ኪዳን ዝግብኦ ሰፊሕ ኣቓልቦ ከምዝረኸበ ንዕዘብ።

ንኪዳን ኣብ ምብጋሱ ምፍራዱን ደምዳሚ ኣሉታዊ መርገጽ ምውሳድን፤ ጌጋ እዩ ጥራይ ዘይኮነ፤ ኣገባብ ዝሰሓተውን እዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ ተግባር ተፈቲኑ ውጽኢቱ ዘየርኣየ መስርሕ፤ ብግምት ባዕላዊ መደምደምታ ምሃቡ ካብ ስነፍልጠት ዝርሓቐ እዩ። ኪዳን ኣብ ጕዕዞኡ ብዘረጋግጾ ዓወት ወይ ፍሽለት ክተባባዕ ወይ ክንቀፍ ይግብኦ። ንብብዙሕ ቃልስታት ዝተበጽሐ ኪዳን ተቓዊምካ፤ ብቑዕ መተካእታ ክትቅርብ እንተዘይክኢልካ ኣፍራሲ ጥራይ እዩ ዝኸውን።

ኪዳን ብብዓል እገሌ ስለዝምራሕ ክዕወትዩ ወይ ክፈሽልዩ ክንብል ኣይንደልን። ኪዳን በቲ ኣብ ባይቶ ዝሓንጸጾ ቻርተር ተቐይዱ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝመረጾም መራሕቱ ክመሓደርን ክምራሕን ንጽበዮ። መራሕቱ ንዝተወሰነሎም ናይ ስልጣን ሓላፍነትን እዋንን ምስፈጸሙ፥ ብጸብጻብ ንዝመረጾም ባይቶ ኣረኪቦም ይወርዱ። ንዘጕደልዎ ወይ ዘበላሸውዎ ጕዳያት ድማ ተሓተትቲ ይኾኑ። ኪዳን ቻርተሩን መሪሕነቱን ኣብ ስሩዕ እዋኑ እናተሓደሰ ዝጕዓዝ ዘየቋርጽ መስርሕ (uninterupted system) ኰይኑ ዝቕጽል እዩ።

ናይ ኪዳን ተቓወምቲ ወይ ነቐፍቲ (critique) ከምኡውን ካብ ኣባላት ኪዳን ደጋጊሞም ዘልዕልዎ፤ ጕዳይ ሃይማኖትን መሰል ርእሰ ውሳኔ ብሄራትን ኣብ ቻርተር ምስፋሩ ጌጋ እዩ። ሃይማኖትን መንግስትን ዘይደባልቕ ዕልመናዊ ስርዓት ይጠልቡ። እዚ ብቍጽሪ ሰልስተን ኣርባዕተን ዝፍለጥ ዓንቀጻት ሃይማኖትን ብሄራትን ኣብ 5ይ ኣኼባ ምሕዝነት፤ ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባይቶ ክለዓል ዝጠለበን ብሰንኩ ምፍንጫል ዘኸተለን ምንባሩ ዝዝከርዩ። ስለዚ እዚ ክልተ ዓንቀጻትዚ ንተሓ.ኤ-ሰ.ባይቶ ዝፈናጨለን ንምሕዝነት ዘምከነን ስለዝኾነ ብዓቢኡውን ጌጋ ስለዝኾነ ካብ ቻርተር ናይ ኪዳን ክለዓል ከምዘለዎ ጠለብናን ቃልስናን ቀጻሊ ምስዝኸውን ክዕረ ምኳኑ ጥርጥር የብለይን።

ዘይተወደበን ዘይተማእከለን ፖልቲካዊ ይኹን ወታሃደራዊ ግጥምያ መእሰሪ ከምዘይብሉ ማእዶ ፋሕ ዝበለ ስለዝኾነ ከድምዕ ኣይክእልን ጥራይ ዘይኮነ፥ ድሕነቱውን ክዕቅብ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ከምቲ ተወዲብናን ተሰሊፍናን ናጽነትና ዝጨበጥና፤ ሕጂውን ተወዲብናን ናብ ዓወት ዘብጽሓና ጐደና ስኢልናን ምስእንቃለስ፥ ህዝብናን ሃገርናን ከነድሕንንን ደሞክራስያዊ ስርዓት ክንተክልን እንበቅዕ።
ኣብ ዘካየድናዮ ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት፤ ናይ ተጠርኒፍካ ምቅላስን ምዕዋትን ባህሊ ኣጥሪና ኢና፡ ሕጂ ኰነ ንመጻኢ ንዕኡ ዓቂብና፤ ብዝሰፍሐ ተሳትፎና ፍትሓዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ ንቃለስ።

ሕድሕድ ምክብባርን ምጽውዋርን ይንገስ
ጽበትን ህልኽን ቅርሕንትን ይደምሰስ።

ፍስሃየ ሓጎስ
11/24/2005